ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

**የሃና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**ብምኽንያት ርሑስ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ**

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ክርስትና ድማ ብፍላይ እንቋዕ ናብዚ ርሑስ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ኣብጽሓኩም ይብል። ርሑስ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ንህዝቢ ኤርትራ በዓል ሰላምን ፍቅርን ዓወትን ክኾነሉ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሰናይ ትምኒቱ ይገልጽ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ 4ተ ጳብጳሳት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዝፍጽሞ ዘሎ ኣዕናዊ ተግባራትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ብጽሑፍ ምቅዋሞም ዘውጽኦዎ መልእኽቲ እናናኣደ ሰዓብቲ ኩሉ ሃይማኖታት ኣስሮም ብምኽታል ነቲ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ ኢድ ምትእትታው ብምንጻግ፡ ንኣዕናዊ ጸረ ህዝቢ ፖሊሲታቱ ብምቅዋም፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምውሓስን ምጥንኻርን ክጽዕሩን፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ፍትሕን ንምስፋን ንዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኣብ ምድጋፍ፡ ዕዙዝ ተራኦም ክጻወቱን ይጽውዕ።

**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
10 መስከረም 2014